## ኣብ ዘለኻ ሃሉ ታሪኽካ ይኾርዓሉ

ነጻነት ንምምጻእ ሰረት ተኺልካሉ
‘ቶም ብደሞም የዕጽምቶም ሕድሪ ዝሃነጹ
እንታይ ኮን ምበሉ ንሓንሳብ ተዝመጹ፣
ዝተሰውኣስ ዓሪፉ ኣይሪኦ ኣይሰምዖ
እቲ ጽጉምከ ተጻጊሙ ተጨኒቑ ዝነብዖ
ገምቱሞ፣ እወ! ስኣን ሓጋዚ ንዘየርከቦ ክፍትን
ተደፊኡ ወዲቑስ ወያ ማዕጾ ድማ ግፍትን፡
ኣይረድ ኣብቲ ጸልማት ዕጽው ማዕጾ
ክጭነቕ ክገዓር ሲኢኑ ዝመጾ
ሞትን-ሕይወትን ክፈራረቐኦ በብተራ
ጅግንነቱ ዘክር ታሪኽ ሕድሪ ይገንጸል ደብተራ፡
እቲ ጅግናወ ንሃገር ንወገን ዝወደቐ
በጃ ህዝቡ ክሓልፍ ሕይወቱ ዘይበቐቐ
ኣይተሰውኣን ሰንኪሉ ተሪፉ በጋጣሚ
ንሕሰበሉ ሎሚ ክሕሾ ካብ ዓሚ፣
እቲ ምዑት ኣንበሳ፡ እታ ሓየት ዋዕሮ
ሃገር ኣውሒሶምዮም ታሪኽ ንዘክሮ
ከመይ’ሉ ይርሳዕ ናይ ሓባር ተመክሮ
ሕልና ንዘለዎ ኣለዎ ዝገብሮ፣
እሞ ሕጂኸድኣ እንታይ ይገበር፧
ኣብዚ ከሕጽረልኩም ብዙሕ ኔሩ ዝንገር
እቶም ዝሰንከሉ ሰብ ታሪኽ የሕዋትና
ዕድመ! ይብሉ’ለዉ ንዑ ኣብ ጉባኤና።

ካብ ርሑቕን ቐረባን ኲሉ ይተኣከብ
ነቲ ዝጎደሎም ክትካእ ክልቀብ
ታሪኽ ታሪኽካዩ ትም ዘብል ኣይኮነን
ተሰማሚዕና ንሓግዞም ንስኺን/ኻን ኣነን
ኣነ ንስኺ ንስኻ ኣብ ጉባኤ ንወስነን።
ብ.ጴጥሮስ ተኸሉ፡(ሓላዪ)